


# www.feriebas.se/boden

ናይ ክራማት ስራሕ ቅድሚምምልካትኩም፡ ኣቐዲምኩም ክትፈልጥዎ ዝግባእ ገለ ነገራት ኣሎ:

☐ ቀጻሊ እትከታተልዎ ናይ ኢ-መልይል ኣድራሻ ኣለኩም`ዶ?

ናይ ስራሕ ዕድመ ናብቲ ከተመልክቱ እንከለኹም ዘመ ገብኩሞ ኢ-መይል እዩ፡ ዝለኣኸልኩም። ስለዝኾነ ከኣ እቲ እተመዝግብዎ ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ፡ ቀጻሊ እትከታተልዎ ክኸውን ኣለዎ። ንዕድመ ናይቲ ስራሕ ዝምልከት ናብ ኢ- መይልኩም ሓበሬታ ክንሰደልኩም እንከለና፡ ናብ ቀጽሪ ስልክኹም ውን መልእኽቲ (ሜሴጅ) ንሰድድ ኢና። ስለዝኾነ ከኣ፡ ቀጽሪ ስልኪኹም ብትኽክል ከተመግብዞ ኣለኩም።

ናብቲ ከተመልክቱ እንከለኹም እትምዝግብዎ ኢ-መይል ውን፡ መረጋገጺ ኢ-መይል ይለኣኸልኩም እዩ።

☐ ኣበየ ናይ ግዜ ክትሰርሑ ይጥዕመኩም ንዝብል፡ ምስ ስድራ-ቤትኩም ተዘራሪብኩም ዲኹም?

ነቲ ዝተገብረልኩም ናይ ስራሕ ዕድመ ምስ ተቐበልኩሞ ምቕያር ኣይከኣልን እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ፡ እቲ ክትሰርሑሉ ዝመረጽኩሞ ግዜ ዚጥዕም ክኸውን ኣለዎ።

☐ ቀጽሪ ባንኪ ሕሳብኩም ንስዌድ-ባንኪ ሓቢርኩም ዲኹም?

ምምሕዳር ከተማ ዝጥቀመሉ ባንኪ፡ ስዌድ-ባንኪ እዩ። ደሞዝኩም ብቐጥታ ናይ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም ክኣትወልኩም ምእንቲ፡ ቀጽሪ ባንኪ ሕሳብኩም ንስዌድ-ባንኪ ክትሕብሩ ኣለኩም። ነዚ ዝስዕብ ሊንኪ ብምጥዋቕ፡ ቀጽሪ ባንኪ ሕሳብኩም ብቐሊሉ ከተመልክቱ ትኽእሉ:

https://www.nordea.se/anmalkonto

ናብ ቤት-ጽሕፈት ስዌድ-ባንኪ ኬድኩም፡ ምምሕዳር ከተማ ቡደን ገንዘብ ክኸፈለና እዩ ብምባል፡ ናይ ባንኪ ቀጽሪ -
ሕሳብኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።




## Hej och välkommen till Bodens kommuns ansökan för sommarferie!

För att påbörja din ansökan fyller du i ditt personnummer och klickar dig vidare. Tänk på att du måste skriva in rätt format. ååmmdd-xxxx.

Du som inte vill skicka personuppgifter via webbformuläret kan kontakta oss på telefon.

ኣብቲ ገጽ ምስ ኣተኹም፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ይመስል።




መጀመርያ ክትገብርዎ ዘለኩም፡ ግላዊ መለለዪ ቁጽርኹም ምእታውእዩ። ብድሕሪ`ዚ ነቲ Läs mer om PUL/GDPR
ዝብል ሊንኪ ብምጥዋቕ፡ ኣብኡ ዘሎ ሓበሬታ ኣንብብዎ።.

PUL ኣሕጽሮተ-ቓል ኮይኑ ክዝርዘር እንከሎ ኸኣ፡ ሕገ ውልቃዊ ሓበሬታ ማለት እዩ። ትሕዝቶ ናይቲ ሕጊ፡ መንግስታዊ ትካላትን ውድባትን ንውልቃዊ ሓበሬታ ናይ ሰባት ብኸመይ ክኣልዩ ኣለወን ዝብል መምርሒታት፡ ዝሓዘ እዩ። ውልቃዊ ሓበሬታ ክንብል እንከለና፡ ከምኣብነት ስምኩምን ግላዊ መለለዪ ቁጽርኹምን ማለትና እዩ።

ንትሕዝቶ ናይቲ ጽሑፍ ድሕሪ ምንባብኩም፡ ኣብቲ ”Jag samtycker till registrering.” ማለት፡ ሓበሬታይ ከመዝግብ ፍቓደኛ እየ ንንዝብል ጽሑፍ ተጐዝጒዙ ዝርከብ ርቡዕ ኩርናዕ ብምጥዋቕ፡ ንምቕጻል ኣብቲ ”Gå vidare” ዝብል ጠውቑ።




ብድሕሪ`ዚ፡ ንዓኹም ዝምልከት ሓበሬታ ምምላእ ይኸውን ። ኩሎም እዚ ዝስዕብ ምልክት (*) ዘለዎም ቦትታታት ግድን ክምልኡ ኣለዎም። እዚ ምልክት ዘለዎም ቦታታት ምስ ዘይትመልእዎም፡ ንቕድሚት ክትከዱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።




ኣብዚ ክፋል'ዚ፡ እትመሃርዎ መደብ ትምህርትን ስም ቤት-ትምህርትን ትጽሕፉ። ክንደይ ክፍሊ ትመሃሩ ከምዘለኹም ውን ኣብዚ ክትጽሕፍዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ኢኤም ተባሂሉ ዝጽዋዕ መደብ ትምህርቲ ትሳተፉ ምስ እትህልዉ፡ ነቲ "Introduktionsprogram" ዝብል ምረጹ።

መኻነ-ስራሕ ክፈልጦ ኣለዎ ትብልዎ ዝኾነ ነገር ምስ ዝህሉ፡ ኣብቲ "Övriga upplysningar" ዝብል ዘሎ ኢኹም ትጽሕፍዎ። ንኣብነት ኣለርጂ ምስ ዝህልወኩም ወይ ውን ኣካለ-ጽጉማን ምስ እትኾኑ። ኣብዚ "Övriga upplysningar" ዝብል ዘሎ ክፋል ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዘይትጽሕፉ፡ ምምሕዳር ከተማቡደን ይኹን መኻነ-ስራሕ፡ ድሕሪኦም ዝኾነ ምችቻኣት ክገብረልኩም ኣይትክእሉን እዮም። መኻነ-ስራሕ ክትቅይሩ ከምዘይከኣል፡ ኣይትረስዑ!

እቲ "Är du aktiv i en förening, i så fall vilken?" ዝብል ዘሎ ክፋል፡ ነዓኹም ነቶም ኣብ ናይ ክራማት ስራሕ ዝህባ ማሕበራት ብንጥፈት እትሳተፉ፡ ኣብታ እትነጥፉላ ማሕበር ናይ ክራማት ስራሕ ክትሰርሑ እትደልዩ ሰባት ዝምልከት እዩ።


Personligt brev

Här skriver du några rader om dig själv. Tycker du att det är svårt att komma på vad du vill skriva kan du senare logga in på mina sidor och komplettera.

Personligt brev

Hej!

Jag går andra året på Restaurang och Livsmedelsprogrammet på Björknässkolan. Jag skulle vilja jobba på ett café eftersom att jag då får utveckla mina kunskaper inom service och livsmedelshantering.

På min fritid spelar jag golf och skulle även kunna tänka mig att jobba på Golfklubben eftersom att jag har ett stort intresse och kunskap om sporten.

Jag talar svenska, engelska flytande men jag kan också prata lite franska och lite arabiska.

Som person är jag glad, framåt, självgående och tar gärna för mig.

ነቲ ”Personligt brev. ዝተሰምየ ክፋል ምስ መላእኩሞ፡ ክምዚ ኣብ ላዕሊ እትርእይዎ ዘሎ ይመስል።

ወሃቢ ስራሕ ንዓኹም ዝምልከት ሓደ ስእሊ ክህልዎ መታን፡ ነዚ ክፋል ናይ መመልከቲ

ክትመልእዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መሰንየታ ደብዳቤ መድለዪ ስራሕ (personliga brev)

ክሰፍር ዘለዎ ኣገዳሲ ነገራት:

- እንታይ ዓቕምታት ኣለኩም
- ኣበየ ናይ መደብ-ትምህርቲ ወይ ፕሮግራም ትሳተፉ ኣለኹም
- ዝምባሌታትኩም
- ካልእ ዓቕምታት
- ከምስብከመይ ኢኹም


Geografiskt område

Välj inom vilka geografiska områden du önskar sommarferie. Tänk på att du måste kunna ta dig till din plats på egen hand och att kommunen inte står för några reskostnader.

Du har valt 0 av minst 1 alternativ.

- [ ] Boden centralort
- [ ] Gunnarsbyn
- [ ] Harads
- [ ] Skogså
- [ ] Sävastön
- [ ] Unbyn

ኣብዚ ክፋል`ዚ፡ ኣበየናይ ከባቢታት ናይ ክራማት ስራሕ ትደልዩ ዝብል ተነጽሩ። ሓደ ከባቢ ቅድሚምምራጽኩም ኣገዳሲ ዝኾነ ክትሓስብሉ ዘለኩም ነገር፡ ብኸመይ ክትመላለሱ ኢኹም ዝንል እዩ።

ከምኣብነት፡ ኣብ ኡንቢን እትነብሩ ምስ እትኾኑ ናይ ክራማት ስራሕ ከኣ ኣብኡ ክትሰርሑ ምስ እትደልዩ፡ ነታስምናይታ ከተማምልክት ትገብሩላ።




ኣብዚ ክፋል`ዚ ኣበየናይ ሞያዊ-ዓውዲ ክትሰርሑ ትደልዩ ትመርጹ። ኣብቲ"Visa mer" ምስ እትጥወቑ፡ ኣብቲ ዓውዲ ዕማማት ስራሕ እንታይ እዩ ንዝብል ብዝርዝር ክተንብቡ ትኽእሉ።

ብዙሕ ሞያዊ-ዓውዲታት ምምራጽ ይከኣል እዩ! ብዙሕ ሞያዊ-ዓውዲታት ምስ እትመርጹ ኣብ ገለ መዳይ ስራሕ ናይ ምርካብ ተኽእሎታትኩም፡ ዝዓበየ ይኸውን።

ኣብ ዓመተ 2018 ተዳልዩ ዘሎ ናይ ክራማት ስርሓት፡ ካብ ፖሊስ ጸብጻብ ገበን ከተምጽኡ ኣየድልየኩምን እዩ።




ኣብዚ ክፋል`ዚ፡ ክትሰርሑሉ እትደልዩ ግዜ ትመርጹ። እቲ ክትሰርሑሉ ዝወሰንኩም ግዜ ምስ ናይ ስድራ-ቤትኩም መደባት ከይጋጮመታን፡ ንእትሰርሑሉ ግዜ ዝምልከት ምስ ስድራቤትኩም ተዘራረቡ።

ነቲ ሰለስተ ናይ ስራሕ ግዜ ምምራጽ ይከኣል እኳ እንተኾነ፡ ኣየ ናይ ግዜ ይወሃበኩም ግን ክትቆጻጸርዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ነቲ ዝቐረበልኩም ናይ ስራሕ ዕድመ ''እወ ይቐበሎ'' ኢልኩም ድሕሪ ምምላስኩም፡ ናይ ስራሕ ግዜ ክትቅይሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።




ሕጂ፡ ናይ ክራማት ስራሕ ምልክታኹም ኣብ ምዝዛም ገጹ እዩ!

ፈለማ ግን ኣብታ ቀጠልያ ድሕረ-ባይታ ዘለዋ ተጠዋቒት ብምጥዋቕ፡ ቅድሚ ምልኣኹ ነቲ ምልክታኹም ደጊምኩም ረኣይዎ። ናይ ስራሕ ዕድመ ተጌሩልኩም፡ ብእዋኑ ''እወ'' ኢልኩም ነቲ ዕድመ ክትምልሱሉ ምእንቲ፡ ኩሉ ዝመዝገብኩሞ ሓበሬታት ቅኑዕ ክኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።




እቲ እትምዝግብዎ ሓበሬታ ቅኑዕ ምዃኑ፡ ብኽምዚ መልክዕ ኢኹም ትቆጻጸርዎ።




ዝኾነ ብጌጋ ዝተመዝገብ ሓበሬታ ምስ እትረኽቡ፡ ኣብታ ”Tillbaka-” ትብል ብምጥዋቕ፡ ነቲ ግጉይ ሓበሬታ ተስተኻኽልዎ። ኩሉ ብቕኑዕ ተመዝጊቡ ምስ ዝህሉ ኸኣ፡ ኣብታ ”Skicka ansökan-” ትብል ዘላ ብምጥዋቕ፡ ነቲ ምልክታ ትሰድዎ።




ኣብ መወዳእታ ትገብርዎ ኸኣ፡ ናይ ውልቅኹም ምርጫታት ምምዝጋብ!

ኣብዚ ክፋል`ዚ፡ ኣበየ ናይ መኻነ -ስራሕ ክትሰርሑ ትደልዩ ትጽሕፉ።

ስለስተ ቦታታት ክትሮቀኹ ትኽእሉ። ኣብቲ ዝተተስፎኹሞ ቦታታት፡ ብርግጽ ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም ማለት ግን ኣይኮነን።

ሕጂ ምልክታኹም ተሰዲዱ ኣሎ! ኣብቲ ዝሰደኩሞ ምልክታ ዝኾነ ነገር ክትቅይሩ ምስ እትደልዩ፡ ክሳብ`ታናይ መወዳእታ መዓልቲ ምምልካት ምቕይያራት ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ንስራሕናይ ክራማት ዝምልከት ዕድመ፡ ብመንገዲ’ቲ ዘመዝገብኩሞ ኢ-መይል ኣቢሉ ክለኣኸልኩም እዩ። ነቲ ናይ ስራሕ ዕድመ ክትምልሱሉ ምእንቲ፡ ኢ-መይልኩም ረኣይዎ ዝብል ሜሰጅ (sms) ውን ክለኣኸልኩም እዩ።

ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም በዚ ዝስዕብ መንገዲታት ተወከሱና

0921-629 04

ann-christin.pretty@boden.se